ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ حزب النهضة الإريتري

# Eritrean Nahda Party

ክቡር ኣቶ ወልደሱስ ዓማር
ኣቦ መንበር ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ

ድሕሪ ናይ ቃልሲ ሰላምታ፡

ብኣጋጣሚ ናይ'ቲ ነዊሕ ግዜ ዝወሰደን ብሰለስተ ውድባትኩም ከቢድን ቀጻልን ጻዕርታት ዝተኻየደሉን ምስረታ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብስመይን ብስም መሪሕነትን መሰረታትን ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝለዓለ ናይ ዮሃና መልእኽተይ ከመሓላልፈልኩም እፈቱ።

ንሕና ብወገና፡ ነቲ ክተካይድዎ ዝጸናሕኩም ትጉህ ጻዕርታትን ከም ውጽኢቱ ዘረጋገጽኩምዎ ስሙርን ስጡምን ሰልፊ፡ ንተቓወምቲ ሓይልታት ኤርትራ ተወሳኺ ዓወት ስለዝኾነ መጐስና ንገልጽ። ብዘረጋገጽኩምዎ ዓወት፡ ኣዚና ሕጉሳት ኢና። ምኽንያቱ ከኣ፡ እዚ ሰልፊ'ዚ ኣካል ናይ'ቲ ንዲክታቶርያዊ ምዕራፍ ኣብ ሃገርና ንምኽታም ዝካየድ ዘሎ መትከላዊ ቃልስታት ስለዝኾነ ኢዩ።

ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ፡ ምስ'ዞም ነዚ ሓድሽ ሰልፊ ዘቘሙ ውድባት ዝነበሮ ጽቡቕ ዝምድና፣ ምስ'ዚ ሕጂ ተወሊዱ ዘሎ ሰልፊ ዲሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ክቕጽሎ ምኳኑን፤ ኣብ ኵሉ ንረብሓ ህዝብና ሃገርናን ዝውዕል መዳያት ናይ ቃልሲ ምስ ሰልፍኹም ሓቢሩ ክሰርሕ ቅሩብ ምህላዉን ከረጋግጸልኩም እፈቱ።

ኣብ መደምደምታ፡ ሰልፍኹም ምስ ዕብየቱ ዝመጣጠን ግደ ክጻወትን፣ ማዕረ'ቲ ኣብ ሃገርና ለውጢ ንምምጻእ ኣብ ልዕሊ ኵሎም ተቓወምቲ ሓይልታት ተነቢሩ ዘሎ ሓላፍነት ክብ ብምባል ንሃገራዊ ዋዕላ ኣብ ምዕዋት ብንጥፈት ክውሳእ ንምነ።

ዓወትን ግስጋሰን እምነየልኩም

ሓውኩም
ኢንጂኔር ኑር ኢድሪስ
ኣቦ መንበር ሰልፊ ናህዳ
7 ጥሪ 2010